REFUGEE ACTION GOOD PRACTICE

# ዉሕሉል መስርሕ ዕቑባ

## ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

### ትሕዝቶታት ፥


እዚ FAQ (ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት) ንመን እዩ? 2

እቶም ንኽትፈልጦም ኣዝዮም ዘገድሱ ነገራት እንታይ እዮም? 2

'ዉሕሉል መስርሕ ዕቑባ' እንታይ እዩ? 2

ነዚ ሕቶታት መሊኣ እንተዘይመሊሰዮ እንታይ የጋጥም? 3

ነቲ ፎርም ባዕለይ መሊአ ከረክቦ ይኽእል ድየ? 3

ነቲ ናይ ሕቶታት ወረቐት ምዝዛም ክህልዎ ዝኽእል ሓደጋታት እንታይ እዩ? 4

ሓደ ዝተቖጻጸረ ኣማኻሪ ናይ ኢሚግሬሽን ብኸመይ ክሕግዝ ይኽእል? 5

ዝተቖጻረ ኣማኻሪ ኣለኒ - እንታይ ክገብር ኣለኒ? 5

ዝተቖጽረ ኣማኻሪ የብለይን - ከመይ ገይረ ክረክብ ይኽእል? 6

ሕጋዊ ሓገዝ ጠበቓታት 6

ኣማኸርቲ OISC 6

ካልኦት ጠበቓታት 7

ንመሓዛይ ክሕግዘኒ ክሓትት ይኽእል ድየ? 7

መሓዛ ክሕግዝ ምሕታት ንምንታይ እዩ ዝበዝሐ ግዜ ሕማቕ ሕሳባት ዝኸዉን? 7

ናይ ከባቢ ዉድብ ስደተኛታት ክሕግዘኒ ይኽእል ዶ? 8

ነቲ ናይ ሕቶታት ወረቐት ምስ ዘረክቦ ፣ ዉሳኔ መዓስ ክጽበ ይኽእል? 8

ግዜ ምንዋሕ ሓቲተ ነይረ - ቐጺለ ዝገብሮ እንታይ እዩ? 8

ሕቶይ ከም ምግዳፍ እንተ ተወሲዱ እንታይ ክገብር ኣለኒ? 9

ፍርዳዊ ምርመራ እንታይ እዩ? 9

'ኣብ ሓድሽ ጥርዓን ተወሰኺ መጎተታት' እንታይ እዮም? 9

## እዚ FAQ (ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት) ንመን እዩ?

እዚ FAQ ካብዞም ዝስዕቡ ምስ እትኸዉን ንዓኻ እዩ ፦

- ዜጋ ናይ ኣፍጋኒስታን ፣ ኤርትራ ፣ ሊብያ ፣ ሴርያ ወይ የመን ምስ እትኸዉን ፣ ከምኡዉን
- ቅድሚ 28 ጁን 2022 ንዕቑባ ኣመልኪትካ ምስ ትነብር ፣ ከምኡዉን
- ናይ ዕቑባ ሕቶታት መሊእካ ክትመልሰ ተዋሂብካ ነይርካ ምስ እትኸዉን ፣ ከምኡዉን
- ኣላዩ ዘይብሊ ትሕቲ ምስ ዘይትኸዉን

ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ኩሎም ኣርባዕተ ምርጫታት ምልክት ክትገብረሎም ዘይትኽእል ምስ ትኸዉን ፣ እዚ FAQ ንዓካ ኣይኮነን! (ዋላ ዉን ጠቓሚ ሓሳብ ክህልዎ ይኽኣል…)

## እቶም ንኽትፈልጦም ኣዝዮም ዘገድሱ ነገራት እንታይ እዮም?

- ሕቶታት ናይ ዕቑባ ምስ ትቕበል ፣ ከተረክበሉ ዝግብኣካ ናይ መወዳእታ ዕለት ኣለዎ
- ንሓደ ዝተመረጸ ኣማኻሪ ናይ ኢሚግሬሽን ንኽትመልኡ ክሕግዘካ ንኽትሓቶ ነማኽረካ
- ዝተመረጸ ኣማኻሪ ናይ ኢሚግሬሽን ክትረክብ ምስ ዘይትኽእል ፣ ነቲ ናይ መወዳእታ ዕለት ክናዋሓልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ
- ግብረ-ሰናያት ከምኡዉን ናይ ስደተኛታት ማሕበረ-ሰብ ዉዱባት ምንዋሕ ግዜ ክትሓትት ክሕግዛኻ ይኽእላ እየን
- ዋላ ሓደ ነገር ምስ ዘይትገብር ፣ ጥርዓንካ ከም ዝተቛረጸ ገይርካ ክዉሰድ እዩ - እዚ ሕማቅ እዩ!

## 'ዉሕሉል መስርሕ ዕቑባ' እንታይ እዩ?

ዉሕሉል መስርሕ ዕቑባ ሓድሽ መስርሕ ንገለ ናይ ዕቑባ ሕቶታት ብቕልጡፍ ንምዉሳን ዘገልግል እዩ። ኣብ ፌብራሪ 2023 ብ UK Visas and Immigration (ቪዛታትን ኢሚግሬሽንን) ፣ ወይ UKVI - ክፍሊ ናይ ቤት-ጽሕፈት ሆም ምስ መመልከቻታት ናይ ኢሚግሬሽን ከምዉን ናይ ዕቑባ ጥርዓናት ዝሰርሕ - ተኣታትዩ።

UKVI ናይ '**ዕቑባ ሕቶታት**' ክሰደልካ እዩ ከምዉን ብእንግሊዘኛ መሊእካ **ኣብ ዉሽጢ 20 ናይ ስራሕ መዓልታት** ክትመልሶ ክነግረካ እዩ። ነቲ ዘቕረብካዮ ሓበሬታ ጥርዓንካ ዉሳኔ ንምሃብ ክጥቐምሉ እዮም።

**ንስኻ ንኣሳይለም ወይ ሰብኣዊ ዕቑባ ብቑዕ ኢኻ ኢሎም እንተወሲኖም ፦**

- ንናይ ዕቑባ ቓለ-መጠየቕ *ከይጸዉዑ* ተቐባልነት ክህቡኻ ኣለዉ

- ማዕረ ክንደይ ቐልጢፎም ይቕበሉኻ ኣይንፈልጥን ኢና ፣ ይኹን ግን ነዚ ሕቶታት ምዝዛም ነቲ መስርሕ ከቃላጥፎ ዝዓለመ እዩ

**ንኣሳይለም ወይ ሰብኣዊ ዕቑባ ብቑዕ ሙኻንካ ርግጴኛ ምስ ዘይኮኑ ፥**

- ንቓለ-መጠየቕ ክዕድሙኻ ኣለዎም
- ተወሳኺ መርትዖ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ
- ድሕሪ እቲ ቓለ-መጠየቕ ክቕበሉኻ እኳ ተኽእሎ እንተሃለወ ፣ ክነጽግዎ እዉን ይኽእሉ እዮም።

ብዘይ ቓለ-መጠየቕ ዕቑባ **ክትንጸግ** የብልካን።

# ነዚ ሕቶታት መሊአ እንተዘይመሊሰዮ እንታይ የጋጥም?

ነዚ ሕቶታት ኣብ ግዚኡ መሊእካ እንተዘይመሊስካዮ UKVI '**ንጥርዓንካ ከም ዝገድፍካዮ ገይሩ ክቖጽሮ**' ክዉስን ይኽእል እዩ

እዚ ካብ ምንጻግ ዝኸፍእ እዩ ፥

- ይግባይ ናይ ምባል መሰል የብልካን
- ይጽናሕ ዝብሃል ጥርዓን ናይ ዕቑባ የብልካን
- ንደገፍ ናይ ዕቑባ ብቑዕ ኣይትኸዉንን ኢኻ
- ቅድሚ 28 ጁን 2022 ጥርዓን ናይ ምቕራብካ ዝህልወካ ጥቕምታት ክትከስሮም ትኽእል

ነዚ ጉዳይ እትፍጽመሉ ካልእ መንገዲ ክህሉ ይኽእል እዩ (ኣብ ታሕቲ ተመልከት) ይኹን ግን ዝነዉሐ ግዜ ዝወስድን ብዙሕ ደስ ዘየብል ዉጺኢት ዝምጽእን ክኸዉን ይኽእል እዩ።

**ኣብ ግዜኡ ክሕግዘካ ዝኽእል ሰብ ክትረክብ ምስ ዘይትኽእል ፣ ነቲ ናይ መወዳእታ ዕለት ክናዋሓልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።**

# ነቲ ፎርም ባዕለይ መሊአ ከረክቦ ይኽእል ድየ?

እወ ትኽእል ኢኻ። ይኹን እምበር ፣ ዝሕግዘካ ምክትታል ዘለዎ ኣማኻሪ ናይ ኢሚግሬሽን ክህልወካ ዝሓሸ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ኣብቲ ፎርም ጌጋ ምስ እትፍጽም ንዓኻ ጠንቂ ክኸዉን ስለ ዝኽእል እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ምክትታል ዘለዎ ኣማኻሪ ናይ ኢሚግሬሽን ኣብ ታሕቲ ተመልከት።

REFUGEE ACTION GOOD PRACTICE

# ነቲ ናይ ሕቶታት ወረቐት ምዝዛም ክህልዎ ዝኽእል ሓደጋታት እንታይ እዩ?

ነቲ ሕቶታት ኣብ ምምላእ ክመጽእ ከሎ ፣ ጌጋ ክትገብሮም እትኽእል ዉሑዳት ነገራት ኣለዉ ፥

- ኣገዳሲ ሓበሬታ ክትትርስዕ
- 'ሓቓነታት ጌጋታት ትገብር' (እዚ ማለት ጌጋታት ብዛዕባ ሂወትካ)
- ዘየገድስ ሓበሬታ ከተእቱ
- ዘይንጹር ወይዘደናግር ክኸዉን
- ሓቒ ዘይኮነ ክትዛረብ ወይ ሓበሬታ ክትሽፍን

እዘም ነገራት ነዘም ዝስዕቡ ክጸልዉ ይኽእሉ እዮም ፥

- UKVI ንታሪኽካ ይኣምኖ ወይስ ኣይኣምኖን
- ናይቲ ዜግነት ኣለኒ ኢልካ ዘቕረብካዮ ሃገር UKVI ካብኡ ኢኻ ኢሉ ዝሓስቦ እንተኾይኑ
- UKVI ዕቑባ የድልየክካ እዩ ኢሉ ዝሓስቦ እንተኾይኑ
- ጥርዓንካ ምስ ዝዕወት ዝኾነ ናይ መጻኢ መመልከቻታት ኣባላት ስድራቤትካ ኣብ UK ምሳኻ ንኽሓብሩ ዘቕርብዎ

ንኣብነት ፣ UKVI ሓቒ ኣይትዛረብ ኣለኻ ኢሉ ክሓስብ ዝኽእለሉ ፥

- ኣብ ቐዳሞት ወይ ዳሕረዎት ቓለ-መጠያቓት ወይ ሕቶታት ዝበልካዮም ብዘይ ዝኾነ መብርሂ ዝተፈለየ ነገር ምስ እትዛረብ
- ኣብ ሕቶታትካ ዝጋራጨዉ ነገራት ምስ ትዛረብ
- UKVI ንዘለዎ ሓበሬታ ዘይመሳሰል ፣ እንተላይ ሓበሬታ ብዛዕባ ዓድኻ ምስ እትዛረብ
- ብዛዕባ UKVI ካብ ካልእ ምንጪ ዝረኸቦ ክትሽፍን ምስ እትፍትን
- ብዛዕባ UKVI ዝፈልጦ ኣብ ሕሉፍ እዋን ዝገበርካዮ ዝኾነ ነገር መብርሂ ክትህበሉ ምስ ዘይትኽእል
- ዘይቕኑዕ ቓላት ናይ እንግሊዘኛ ምስ እትጥቀም ፣ ወይ ናይ ኢንተርነት መተርጎም መሳርሒ ንትርጉም ናይ ቛላትካ ምስ ዝቕይሮ

ሓቒ ትዛረብ ከም ዘየለኻ ምስ ዝሓስቡ ፣ ንጥርዓንካ ክነጽግዎ ይኽእሉ እዮም። ንዜግነትካ ከማን ኣብ ምልክት ሕቶ ከእትዉዎ ይኽእሉ እዮም።

ብጉጉይ መንገዲ ክኸዱ ዝኽእሉ ኣብነታት ናይ ነገራት እዉን ኣለዉ ፥

- ኣገዳሲ ሓበሬታ እንተገዲፍካ ትግድፍ ፣ UKVI ኣብ ሓደጋ የለን ኢሎም ብምሕሳብ ነዚ ምኽንያት ንጥርዓንካ ክነጽግዎ ይኽእሉ እዮም
    - ዳሕራይ ምስ እትወስኾ እዉን ሓቒ ይዛረብ የለን ኢሎም ክሓስቡ ይኽእሉ እዮም
- ዘይንጹር ወይ ዘደናግር ምስ እትኸዉን ፣ ወይ ብዙሕ ኣገዳሲ ዘይኮነ ሓበሬታ ምስ ተእቱ ፣ እቲ ቕኑዕ ዉሳኔ ንኽወስዱ ከተሸግሮም ኢኻ - ንጥርዓንካ ብግቡእ ከይርድእዎ ይኽእሉ እዮም
- ካብ UK ወጻኢ ንዘለዉ ኣባላት ስድራቤትካ ንኽትሰሚ ምስ ትርስዕ ፣ እዘም ኣባላት ስድራ ምሳኻ ንኽሓብሩ ኣብ ዘመልክትሉ እዋን ክንጸጉ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ

ነቲ ሕቶታት ባዕልኻ ወይ ብሓገዝ ናይ ካልእ ሰብ ትመልኦ ሃሉ ፣ እዞም ነገራት ከጋጥሙ ይኽእሉ እዮም። ይኹን እምበር ፣ ዝተቖጻጸረ ኣማኻረቲ ናይ ኢሚግሬሽን ጥንቁቓትን ጌጋታት ከም ዘየለዉን ከረጋግጹ ክፍትኑን ኣለዎም።

ዕላማ ናይቲ ፖሊሲ ንጉዳያት ብቕልጡፍ ዉሳኔ ምሃብ ምኺኑ ክፍለጥ ኣለዎ። ብዘይ ቓለ-መጠየቕ ክነጽጉ ስለ ዘይክእል ፣ ካብ ምንጻግ ዕቑባ ክህቡ ብቕልጠፈ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት መጠን-ፍቓድ ንደለይቲ ዕቑባ ካብ ኣፍጋኒስታን ፣ ኤርትራ ፣ ሊብያ ፣ ሴርያ ከምኡዉን የመን ልዕሊ 95% ነይሩ። ስለዚ ምንጻግ ዉሑድ ክኸዉን ኣለዎ። ይኹን እምበር ፣ ካብቲ [ፖሊስ ናይ ዉሕሉል መስርሕ ዕቑባ] UKVI ምንጻግ ክህሉ ከም ዝኽእል ይግምት። ክሳብ ዝያዳ ንፈልጥ ፣ ጥንቁቕ ምኺን ኣገዳሲ እዩ!

## ሓደ ዝተቖጻጸረ ኣማኻሪ ናይ ኢሚግሬሽን ብኸመይ ክሕግዝ ይኽእል?

ሓደ ዝተቖጻጸረ ኣማኻሪ ናይ ኢሚግሬሽን ነዚ ዝስዕብ ክገብር ይግባእ ፥

- እቲ ሓበሬታ ኣገዳሲ ወይ ብቑዕ ምኺኑን ዘይምኺኑን ክትርዳእ ይሕግዘካ
- ናይ ቐደም ዝነበሩ ቓለ-መጠየቓጥን ወረቓቕትን ይፍትሽ ከምዉን ብዛዕባ ዝኾነ ዝጋራጨዉ ነገራት ይሓተካ
- እቲ ናይ ሕቶታት ወረቐት ብንጹር ፣ ብልክዕ ከምኡዉን ክሳብ ዘድሊ ብምሉእ ከም ዝተመልአ የረጋግጽ (ወይ ንጹርን ምሉኡን ዝኾነ መገጺ ከምኡዉን ነቶም ሕቶታት ዝምልስ መግለጺ የተሓሕዝ)
- ዝኾነ ምስ ዝህልዉ , እንታይ ዓይነት መርትዖ ከም እተጠቓልል ክትዉስን ይሕግዘካ
- ዓበይቲ ጌጋታት ንኸይትገብር ይሕግዘካ
- ኮነ ኢሉ ኣየደናግርን ወይ ኣገዳሲ ሓበሬታ ኣይሓብእን
- ቕድሚ ምርካቦም ዝሃብካዮ ሓበሬታ ቕኑዕ ምኺኑ ምሳኻ የረጋግጹ

ንዓኻ ብዘርብሕ ክዓዩ ሓላፍነት ኣለዎም (ብኣኻ ከም ዝተገልጸ!) ንጥርዓንካ ዝጎድእ ዝኾነ ነገር ምስ ዝገብሩ ናብ ተቖጻጸሪኦም ጥርዓንካ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ይኹን እምበር ፣ ኣብቲ ዝነገርካዮ ነገራት ስለ ዝምርኮሱ ፣ ስለዚ ንስኻ ጌጋ ምስ ትፍጽም ተሓተቲ ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም - ንስኻ እዉን ጥንቓቕ ምግባር የድልየካ እዩ!

ኣብ ዝበዝሑ ጉዳያት ፣ ከምዚ ዓይነት ሓገዝ ካብ ዘይተቖጽረ ሰብ ክዉሃብ ገበን እዩ።

## ዝተቖጸረ ኣማኻሪ ኣለኒ - እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ብጣዕሚ ጽቡቕ! ብቕልጡፍ ርኸቦም ከምኡዉን ነቲ ፎርም ንኽመልእሉካ ቖጸራ ዝህቡኻ እንተኾይኖም ርአ።

ዕጉስ ኩን - ኣብዚ ኩነታት ብዙሓት ዓማዊል ክህልዎም ይኽእል እዩ።

ብቐጥታ ክርእዩኻ ዓቕሚ ዘይብሎም ምስ ዝኸዉን ነቲ ፎርም ዝርከበሉ መዓልቲ ክናዋሕ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም።

# ዝተቖጽረ ኣማኸሪ የብለይን - ከመይ ገይረ ክረክብ ይኽእል?

እዚ ኣጸጋሚ ኩነት እዩ። ኣብ ዝበዝሐ ክፋላት ናይታ ሃገር ሕጽረት ነጻ ኣማኸሪ ናይ ኢሚግሬሽን ኣሎ። ንቖጸራ ክትረክብ ኣዋርሕ ክትጽበ ትኽእል ኢኻ።

## ሕጋዊ ሓገዝ ጠበቓታት

እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ ሕጋዊ ሓገዝ ጠበቓ ከተናዲ እዩ። ናይ ዕቑባ ደገፍ ትቕበል እንተ ሃሊኻ ሕጋዊ ሓገዝ ክትረክብ መሰል ኣለካ። ኣብ ካልእ ኩነታት እዉን መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ ፣ ብመጠን ኣታዊ ወይ ቑጠባ ብዙሕ ምስ ዘይህልወካ።

ብተወሳኺ ፥

- ሕጋዊ ሓገዝ ጠበቓታት ናይ ኢሚግሬሽን ፈተናታት ክሓልፉ ስለ ዘለዎም ፣ ስለዚ ኣብ ኣፍልጥም ተገምጊሞም እዮም
- ሕጋዊ ሓገዝ ንመብርሂ ፣ ትርጉምን ናይ ክኢላ ጸብጻባትን ፣ ኣድላዩ ምስ ዝኸዉን ፣ ክኸፍል ይኽእል እዩ።

ኣብዚ ሕጋዊ ሓገዝ ጠበቓ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ቑጽሪ ፖስጣኻ የእቱ። እታ “Immigration or Asylum” (“ኢሚግሬሽን ወይ ዕቑባ”) እትብል ሳጹን ምልክት ከም እትገብረላ ርግጸኛ ኩን።

## ኣማኸርቲ OISC

ኣማኸርቲ OISC ናይ ኢሚግሬሽን ክኢላታት ኮይኖም ከምኡዉን ፈተናታት እዉን ክሓልፉ ኣለዎም። ኣብ ክፍሊ ኣሳይለምን ዕቑባን ብደረጃ 2 ብቑዕ ዝኾነ ኣማኸሪ እዩ ዘድልየካ።

ክልተ ዓይነት ኣማኸርቲ OISC ኣለዉ ፥ ገንዘብ ዘኽፍሉን ዘየኽፍሉን። ገንዘብ ዘኽፍሉ ማለት ኣብ ዝበዝሐ ኣጋጣሚታት ክትከፍል ኣለካ ማለት እዩ።

ኣብዚ ናይ OISC ኣማኻራይ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ቑጽሪ ፖስጣኻ የእቱ። ካብቲ “Types of advice” (“ዓይነት ምኽሪ”) “L2 Casework” ኢልካ ምረጽ። ካብ “Asylum or Immigration” (“ኣሳየም ወይ ዕቑባ”) “Asylum And Protection Advice” (“ምኽሪ ኣሳየም ከምኡዉን ዕቑባ”) ዝብል ምረጽ። ኣብ ድሌታትካ ተሞርኪስካ “Fee Charging or Not Fee Charging” (“ገንዘብ ዘኽፍል ወይ ዘየኽፍል”) ኢልካ ምረጽ። ገንዘብ ዘኽፍሉ ኣማኸርቲ ኣብ ደገፍ ዕቑባ ምስ ትህሉ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ንሕጋዊ ሓገዝ ብቑዕ እንዳሃለኻ ገንዘብ ክትልቓሕ ወይ ኣብ ዕዳ ክትኣቱ የብልካን።

ገንዘብ ዘየኽፍሉ ኣማኸርቲ OISC ዝተወሰኑ ማሕበረሰባት ወይ ተኣፈፍቲ ጉጅለታት ኣብ ዝሕግዞ ግብረ-ሰናያት ይሰርሑ (ንኣብነት ሰባት ኣብ ሓደ ዉሱን ከተማ ወይ ከባቢ ፣ ስደተኛታት ፣ ደቒ-ንስትዮ ፣ ቖልዑ ወዘተ) ብተወሳኺ ፣ ኣዝዩ ዉሱን ወይ ድሩት ኣገልግሎት ጥራይ ዝህቡ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። መስቲ ሕቶታት ክሕግዝኹም ዓቕሚ ዘይብሎም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ይኹን እምበር ፣ ኣብ ካልእ ነገር ፣ ከም ሕጋዊ ሓገዝ ናይ ጠበቓ ወይ ምንዋሕ ኣብ ምሕታት ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም።

ካልኦት ጠበቓታት

[ኣብ ናይ ሕጊ ማሕበረሰብ ዌብሳይት ጠበቓታት]፣ እንተላይ ሕጋዊ ሓገዝ ጠበቓጣት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እቶም ሕጋዊ ሓገዝ ዘይህቡ ኣብ ዝበዝሐ ጉዳያት ክፍሊት ክሓቱኻ እዮም። ኣብ ናይ ዕቑባ ደገፍ ምስ ትህሉ እቲ ክፍሊት ልዕሊ ዓቕሚ ክኸዉን ይኽእል እዩ። ክሕግዙ ዝኽእሉ ካልኦት ዓይነታት ጠበቓታ እኳ እተሃለዉ ፣ እዚኦም ግን ዉሑዳትን ርሑቕ ዘለዉን እዮም!

# ንመሓዛይ ክሕግዘኒ ክሓትት ይኽእል ድየ?

እዚ መብዛሕቲኡ ግዜ ሕማቕ ሓሳብ እዩ። ይኹን እምበር ፣ ነቲ ሕቶታት ክትመልኦ መሓዛኻ ክሕግዘካ ወይ እንታይ ከም ትጽሕፍ ክትዉስን ዘይሕጋዊ ኣይኮነን ፣ እዚ ዝስዕብ ምስ ዝኸዉን ፥

- ዝኾነ ገንዘብ ወይ ህያብ ምስ ዘይትህቦም (ዋላ'ዉን የቕንየለይ ንኽትብል!)
- ኣብ ንዓኻ ዝድግፈካ ዘሎ ዉድብ ተቖጺሮም ይሰርሑ ወይ ወለንተኛዉያን ምስ ዘይኮኑ
- ኣብ ተመሳሰሊ ኩነታት ዘለዎ ወይ ካልእ ናይ ዕቑባ ወይ ኢሚግሬሽን ጸገማት ዘለዎም ንቡዙሓት ሰባት ይሕግዙ ምስ ዘይህልዉ

ካብ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ዝኾነ ዝምልከት ምስ ዝህሉ ፣ መሓዛኻ ገበን ይፍጽም ኣሎ ከምዉን እንተ ተኸሲሱ ክቕጻዕን ክእሰር ይኽእል እዩ።

# መሓዛ ክሕግዝ ምሕታት ንምንታይ እዩ ዝበዝሐ ግዜ ሕማቕ ሕሳባት ዝኸዉን?

ብዙሕ ምኽንያታት ኣለዉ ፥

- ናይ መሓዛኻ እንግሊዘኛ ጽቡቕ ዘይኮነ ክኸዉን ይኽእል ፣ ወይ ናትካ ቛንቛ ጽቡቕ ገይሩ ዘይክእሎ ክኸዉን ይኽእል
- መሓዛኻ ከምቲ ዝሰልጠነ በዓል-ሞያ ጥንቑቕ ከይከዉን ይኽእል - ጌጋታት ክፍጽሙ ወይ ንዓኻ ብጌጋ ክርዱኡኻ ከምኡዉን ጌጋ ሓበሬታ ክጽሕፉ ይኽእሉ
- መሓዛኻ ኣየናይ ብቑዕ ወይ ኣገዳሲ ምኽኑ ከይፈልጥ ይኽእል
- መሓዛኻ እቲ ኣብኡ ዘሎ ሕጋዊ ቛንቛ ከምኡዉን ሓሳባት ዘይፈልጡ ከምኡዉን ንሕቶታት ተጋግዩ ክትርግሞ ወይ ክርድኦ ይኽእል ፣ እዚ ንዓኻ ጌጋ መልስታት ክትህብ ይገብረካ
- ንመሓዛኻ ኣጸገምቲ ወይ ዘሕፍሩ ነገራት ክትነግሮ ክትግደድ ኢኻ - እዚ ከኣ ምስኦም ዘለካ ዝምድና ዝጸሉ ይኽእል እዩ
- ኣብ መሓዛኻ ዘይርትዓዊ ተጽዕኖ ትገብር ኣለኻ - ኣዝዩ ብዙሕ ስራሕ እዩ ከምኡዉን ጥርዓንካ ምስ ዝደናጎ ወይ ምስ ዘይዕወት ተሓታትነት ክስምዖም እዩ
- ብዙሕ ዘይትቐርቦም ሰባት ወይ ንመሓዛኻ መሓዝኦም ምስ ዝኾኑ ፣ ተጠንቐቕም ክሰርሑ ወይ ንናትካ ጥቕሚ ክዓዩ ብዙሕ ሞራል ኣይህልዎምን እዩ

ኣዝዮም ብዙሓት ምኽንያታት ኣለዉ!

# ናይ ከባቢ ዉድብ ስደተኛታት ክሕግዘኒ ይኽእል ዶ?

ናይ ከባቢ ዉድብ ስደተኛታት ከምኡዉን ካልኦት ግብረ-ሰናያት ብቤት-ጽሕፈት ኮሚሽን ኣገልግሎት ስደተኛታት ኣብ ደረጃ 2 ወይ ካብኡ ንላዕሊ (ኣብ ላዕሊ ተመልከት) ዝቖጻጸሩ ምስ ዝኾኑ ጥራይ እዮም ነቲ ፎርም ኣብ ምምላእ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ። ኣብዚ ክፍሊ ዉሑዳት ዉድባት እዮም ዘለዉ። ዋላ'ዉን እቶም ከምኡ ዘለዎም ፣ ንኹሉ ዘድልዮ ሰብ ክሕግዙ ኣይክኽእሉን እዮም።

UKVI ካብዞም ፎርምታት ክሳብ 12,000 ኣብ ሓጺር ግዜ ከገልግል መደብ ኣለዎ። ነፍሲ ወከፍ ፎርም ንኽምላእ ዘይፍለጥ ሰዓታት ክወስድ እዩ። ዝበዝሑ ዉዱባት ናይ ኢሚግሬሽን ምኽሪ ክህባ ፍቓድ ዘለወን ክሳብ ዝኽእሎኦ መጠን ይሰርሓ ኣለዋ ከምኡዉን ንዘሎ ጠለባት ከማልኣ ይሸገራ ኣለዋ።

ዉዱባት ንኽሕግዛ ገለ ነገራት ክገብራ ይኽእላ እየን ፣ ንኣብነት ፥

- ክግበር ኣብ ዝኽእለሉ ፣ ናብ ዝቖጻጸር ኣማኸርቲ ኢሚግሬሽን ክዉከሳልካ (ዋላ'ኳ ኣብ ሓጺር እዋን ክዉን ክኸዉን ዘይክእል እንተኾነ)
- ክሕግዛካ ዝኽእል ኣማኻሪ ክሳብ ትረክብ ነቲ ፎርም ክትመልኣሉ ዘለካ ግዜ ከናዉሓልካ

ብኽርድኣካ ዝኽእል ቛንቛ ነቲ ፎርም ከንብቡልካ ይኽእሉ እዮም። ይኹን እምበር ፣ ንዉሓት ናይቲ ፎርም ኣብ ግምት ብምእታዉ ፣ እዚ ንናይ ትርጉም ክፍሊት ብዙሕ ክሓቶም ይኽእል ብምኳኑ ፣ ነዚ ካብ ምግባር ክኣብዩ ይኽእሉ እዮም።

ዝተቖጻሩ ምስ ዘይኮኑ ፣ ነቲ ፎርም ኣብ ምምላእ ክሕግዙካ የብሎምን።

# ነቲ ናይ ሕቶታት ወረቐት ምስ ዘረክቦ ፣ ዉሳኔ መዓስ ክጽበ ይኽእል?

እታ ሓጻር መልሲ ፣ ኣይፈለጥናና እያ። ይኹን እምበር ፣ ዕላማ ናይቲ ፖሊሲ ኣብ ዝከኣለሉ ብቕልጡፍ ኣወንታዊ ዉሳኔ ምሃብ እዩ ፣ ስለዚ ብዙሕ ኣይክትጽበን ኢኻ።

# ግዜ ምንዋሕ ሓቲተ ነይረ - ቐጺለ ዝገብሮ እንታይ እዩ?

እቲ ቤት-ጽሕፈት ናይ ሆም ነቲ ሕቶ ክምልሶ ኣለዎ። ነቲ ሕቶ ባዕልኻ ወይ ብሓገዝ ናይ መሓዛኻ ወይ ናይ ከባብያዊ ግብረ-ሰናይ ኣቕሪብካዮ እንተኾንካ ፣ **ንመልሲ ፖስጣኻ ፣ ኢሜል ወዘተ ክትከታተል ኣለካ**።

መልሲ ምስ ዝህቡኻ ፣ ካብ ዝሓተትካዮ ዝዉሕድ መዓልታ ክፈቕዱልካ ይኽእሉ እዮም። ምንዋሕ ግዜ ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።
ኣብ መወዳእታ ፣ ዕላማ ናይዚ ሓጋዊ ወኪል ክትረክብ እዩ ፣ ስለዚ ምድላይካ ቐጽል!

# ሕቶይ ከም ምግዳፍ እንተ ተወሲዱ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ናይ ይግባይ መሰል የብልካን። ነቲ ናይ መወዳእታ መዓልቲ እንተሓሊፍካ ፣ ጥርዓንካ ዳግማይ ናብ ዝነበሮ ክምለስ ንምሕታት ከምኡዉን ነቲ ሕቶታት ኣብ ግዚኡ ክትመልሶ ዘየኻኣለካ ምኽንያት ብምግላጽ ናብ ቤት-ጽሕፈት ሆም ኣብ(asylumcustomercommunicationshub@homeoffice.gov.uk) ክትጽሕፍ ትኽእል ኢኻ።

ምስ ዝኣብዩ ፣ እዚ ክልተ ተኽእሎታት ይገድፍ ፣

- በቲ መስርሕ ናይ ፍርዳዊ ምርመራ ክትሓልፍ
- 'ኣብ ሓድሽ ጥርዓን ተወሳኺ መጎተታት' ክትገብር

## ፍርዳዊ ምርመራ እንታይ እዩ?

ሓደ ናይ መንግስቲ ኣካል (ኣብዚ ጉዳይ UKVI) ዘይሕጋዊ ፣ ዘይርትዓዊ ወይ እንተወሓደ ኣዝዩ ዘይፍትሓዊ ነገር ምስ ዝገብር ናብ ቤት-ፍርዲ ንፍርዳዊ ምርመራ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ጥርዓንካ ከም ምሕዳግ ዝተቖጸር ካብቶም ቀዳሞት ሰባት ምስ ትኸዉን ፣ ክሕግዙኻ ድልዋት ዝኾኑ ጠበቓታት ክህልዉ ኣለዎም። ይኹን እምበር ፣ እቲ መጀመርታ ፍርዳዊ ምርመራ ናይዞም ዉሳኔታት ምስ ዘይዕወት ፣ ድሕሪ እዚ ከም ኣማራዚ ክኸዉን ኣይክእልን እዩ።

ፍርዳዊ ምርመራታት ክቡራት እዮም። ናብ UKVI ናብ ቤት ፍርዲ ካብ ምኻድ ውሳኔኦም ክስሕቡ ብምሕታት ደብዳቤ ብምጽሓፍ ይጅምሩ። UKVI ምስ ዝኣቢ ፣ ቀጺልካ ናይ ቤት-ፍርዲ ተመልክት። ጠበቓ ወይ ወኪል ኣብቲ ናይ ቤት-ፍርዲ መመልከቻ ከዉክለካ ዝኽእል። ሓደ ናይ ደረጃ 3 OISC ኣማኻሪ እቲ ናይ መጀመርታ ደብዳቤ ክጽሕፈልካ ይኽእል። ጉዳይካ ድልዱል ምስ ዝኸዉን ንሕጋዊ ወኪልካ ትኸፍለሉ ሕጋዊ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

እቲ ናይ ፍርዳዊ ምርመራ ምስ ዝዕወት ፣ ተቐባልነት ኣይዉሃበካን እዩ። ኣብ ክንድኡ ፣ ቅድሚ ጥርዓንካ ከም ዝተገድፈ ኢሉ ዝተሓሰበሉ ናብ ዝነበረ ደረጃ ክትምለስ ኢኻ - ምስ ዉሳኔ ዝጽበ ዘሎ ናይ ዕቑባ ጥርዓን።

ንፍርዳዊ ምርመራ ከተመልክተሉ ትኽእል ናይ ግዜ ግድብ ኣሎ - ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ከምኡዉን ንጥርዓንካ ከም ምሕዳግ ዝተወሰደሉ ዉሳኔ ካብ እትቕበሎ ኣብ ዉሽጢ 3 ኣዋርሕ ክትገብሮ ኣለካ።

## 'ኣብ ሓድሽ ጥርዓን ተወሳኺ መጎተታት' እንታይ እዮም?

'ተወሳኺ መጎተታት' ፣ ዋላ ዉን ዕቑባ ተኸሊእካ ወይ ጥርዓንካ ከም ዝተሓደገ ተሓሲቡ ይሃሉ ፣ ንስኻ ስለምንታይ ከም ስደተኛ ክትርአ ከም ዘለካ ሓደስቲ መርትዖታትን ሕጋዊ መጎተታትን እዮም። ናብ ቤት-ጽሕፈት ሆም ፣ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ Liverpool ፣ ብኣካል ከተረክቦም ኣለካ።

እቲ ቤት-ጽሕፈት ሆም ተወሰኽቲ መጎተታት ምስ ተቐበለ ካብዞም ሰለስተ ነገራት ሓደ ክገብር ይኽእል ፣

- ናይ ስደተኛ ኩነታት ወይ ናይ ሰብኣዊ ዕቑባ ክፈቕደልካ
- ነቶም መጎተታት ክነጽጎም ፣ ይኹን እምበር ሓድሽ ጥርዓን ከም ዘሎ ከለሊ ፣ እዚ ማለት መሰል ናይ ይግባይ ክህልወካ እዩ
- ነቶም መጎተታት ንሓድሽ ጥርዓን ስለ ዘይበቕዑ ክነጽጎም

ተወሰኽቲ መጎተታት ናብ ሓድሽ ጥርዓን ብቑዓት ክኾኑ ፣ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ግምት ዘይኣተዉ ሓደስቲ ክኾኑ ኣለዎም። ጥርዓንካ ከም ዝተሓደገ ምስ ዝቑጸር UKVI ዝኾነ ነገር ኣብ ግምት ስለ ዘይእተወ ስለዚ ዝኾነ ነገር ሓድሽ እዩ። ስለዚ ምስ ዝንጸጉ መሰል ናይ ይግባይ *ክወሃበካ* ኣለዎ።

ተወሰኽቲ መጎተታት ኣብ ምግባር እቲ ዝዓበየ ክሳራ እቲ ሓደሽ ጥርዓን ድሕሪ 28 ጁን 2022 ከም ዝተወሃብ እዩ ክቑጸር። እዚ ማለት ካብቲ ጥርዓንካ ከም ዝተሓደገ እንተዘይሕሰብ ነይሩ ክትረኽቦ ትኽእል ዝነበርካ ብዙሕ ደስ ዘየብል ኩነታት ክወሃበካ እዩ። እቲ ሓድሽ ጥርዓንካ ዘይግባእ እዩ ክብልሉ ተኽእሎ ኣለዎም። ይኹን እምበር ፣ እዚ ክዉን ዝኽዉን ኣይመስልን።